# <u>ሕፅር ዝበለ ታሪኽ ከተማ ዛላኣንበሳ</u>

ብመምህር ገ/ኪዳን ገ/መድህን ገብሩ
ዴንቨር፣ ኮሎራዶ
መስከረም 17/2005 ዓ.ም.

ከተማ ዛላኣንበሳ እትርከብ ኣብ ናይ ኣግዓ ጥርቀ ዝባሃል ቁሸት ኮይኑ ኣብ ጣብያ ማርታ ዝበሃል ምምሕድዳር ኢዩ። ወረዳኡ ድማ ወረዳ ጉሎማኽዳ እንትኸውን ኣብ ምብራቓዊ ዞባ (ዓጋመ ኣውራጃ) ዝበሃል ናይ ትግራይ መሬት እዩ። ቅድሚ ከተማ ዛላኣንበሳ ምምስራታ ናይቲ ከባቢ ህዝቢ ንዓድግራት ይኺን ንኣስመራ እንትገይሽ ኣውቶቡስ ንምስፋር ዝፅበየላ ቦታ ናብ መሬት ኤርትራ ፅግዕ ኢላ እትርከብ ሱልቁጡም እትባሃል ቦታ ኢያ ነይራ። ከተማ ዛላኣንበሳ ምስተመሥረተት ግን ኩሉ ነገር ናብ ዛላኣንበሳ ዘይሩ።

ቀዳሞት ኣቦታትና ብዛዕባ ዛላኣንበሳ ዝብል ሽም እንትፀውዩ ዛላኣንበሳ እትርከብ ብየማንን ፀጋምን ቆላ መሳሊ ስለዝኾነ ንሳ ድማ በራኽ ስለ ዝኾነት ኣናብስ ካብቲ ሓደ ቆላ ናብቲ ሓደ ቆላ እንትንዓዙ ንሕፅር ዝበለ ጊዚያት ንፋስ ዝቕበሉላን ዝዓርፉላን ስለ ዝነበረት ኢያ ዛላኣንበሳ እትበሃል ይብሉ። ዛላ ማለት ሰባት ንነዊሕ ሰዓታት ተጓዒዞም ንዝተወሰኑ ደቓይቓታት ዝዓርፉሉ ቦታ ማለት ኢዩ። ዛላኣንበሳ ማለት ድማ መዕረፊ ኣናብስ ማለት ኢዩ ኢሎም ይገልፁዎ። ዛላኣንበሳ ዝብል ሽም ዝተዋህባ ድማ ኣብቲ ከባቢ ሰብ ምንባር ካብ ዝጀመረሉ ጊዜ ጀሚሩ ኢዩ።

ከተማ ዛላኣንበሳ ዝተመሰረተትሉ ቀንዲ ምኽንያት ሓንቲ ዕሙቅ ዝበለት ክሳድ ዝኾነት ኣፍረዐ እትባሃል ቦታ ዳርጋ ሐሙሽተ ኪሎ ሜትር ካብ ከተማ ዛላኣንበሳ ንደቡብ ገፅ ርሕቕ ኢላ እትርከብ ሽፍታታት ብዙሕ ጊዜ መኻይን ይኸትሩላ ስለዝነበሩ ንዓታቶም ንምቁፅፃር መንግስቲ ምስቲ ከባቢ ህዝቢ ተስማዕሚዑ ናይ ፖሊሳት መንበሪ ከምዝስራሕ ገበረ። ህዚቢ ድማ ሓደ ሓሙሽተ ዝኾኑ ህድሞ ገዛውቲ ብሓፂር ጊዜ ውሽጢ ሰሪሑ ምስ ኣረከበ ካብ ሓሙሽተ ንላዕሊ ዝኾኑ ፖሊሳት ኣስፈረላ። ካብቶም ናይ መጀመሪያ ጊዜ ዝሰፈሩ ፖሊሳት ንምጥቃስ ድማ፦

- ኣስር ኣለቃ ደምሴ
- ኣስር ኣለቃ ቡርጋ
- ኣስር ኣለቃ ግዛው
- ፖሊስ ኣቦይ ወርቅነህ
- ኣስር ኣለቃ ገ/መስቀል
- ፖሊስ በቀለ ወዘተርፈ

ይርከብዎም። ስለዚ እቶም ናይ መጀመሪያ ኣብ ከተማ ዛላኣንበሳ ዝሰፈሩ ኢትዮጵያውያን እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተፀርሑ ኢዮም ማለት ይካኣል። ብድሕሪኡ ናይቲ ከባቢ ህዝቢ ድማ ኣብኡ መፂኡ ገዛውቲ ምስራሕን ምንጋድን ጀሚሩ። ዕዳጋ ሰሉስ ድማ ተፈጠረ። ድሕሪ ሕፅር ዝበሉ ዓመታት ዕዳጋ ናብ ቀዳም ይዙረልና ኢሉ ህዝቢ ምስ ኣመልከተ ድማ ናብ ቀዳም ዞይሩ።

ዛላኣንበሳ ካብ እትምስረት ሓምሳ ዓመት ሓሊፉዋ ኢዩ። ብናተይ ግምት ከባቢ 1946 ዓ.ም. ኣቢሉ ይኸውን። ነገር ግን መበል ሓምሳ ዓመት ንምኽባር ብዙሕ ኣፀጋሚ ኩነታት ስለዝነበሩ ክኽበረላ ኣይተኻእለን። ህዝቢ ድማ ናይ ሓምሳ ዓመታ ባዓል ከይተኽበረላ ኣይሓልፍን እዩ ብምባል መበል ሓምሳ ዓመት ምምስራት ከተማ ዛላኣንበሳ ንምኽባር ይረባረብ ኣሎ። ነዚ ባዓል እዚ ንምኽባር ድማ ኣብ ወፃኢ ዘሎ ይኹን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝርከብ ህዝባ ድሙቕን ታሪኻዊን ዝኾነ ባዓል ንምኽባር ብህንጥዊ ወነ ክንዪ ይርከብ።

ህዝቢ ከተማ ዛላኣንበሳን ከባቢኣን ባዓል ፅኑዕ ኣቋምን፣ ሓቦኛን፣ ፈታዊ ዓዱን ኢዩ። ባህሉ መኸበሪ፣ ዘመድ ፈታዊ፣ ነንርእሱ ተሓጋጋዚ፣ ምስ ኩሉ ትግራዋይ ኮነ ኢትዮጵያዊ ንቁም ነገር ተሓባባሪን ንኡድን ሕብረተሰብ ኢዩ። በዚ ሕጂ ሃቂንዎ ዘሎ ንሓምሳ ዓመት ባዓል ዛላኣንበሳ ንምኽባር ድማ ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ይኹን ትግራዋይ ብሓባር ድሙቕ ባዓል ንምሕላፍ ከምዝተሓባበሩዎ ብሙሉእ ልቡ ተስፋ ይገብር።

ቅድሚ ሓምሳ ዓመት ዛላኣንበሳ መንግስቲ ፖሊሳት ምስ ኣቐመጠላ በዝሒ ነባሪ ዛላኣንበሳ ብዝሓፀረ ጊዜ ዕብየት ኣርኣየ። ካብ ከባቢኣ ኮነ ካብ ርሑቕ ቦታ እናመፅአ ድማ ናይ ውልቂ ትካላት ምስራሕ ጀመረ። መንግስቲ ብወገኑ ድማ እቲ ከም በርቂ እናዓበየ ዝመፅእ ዘሎ ናይ ህዝቢ በዝሒ ምስ ተዓዘበ ናይ መንግስቲ ትካላት ምኽፋት ጀመረ። ከም ወረዳ ኣመራርሓ፣ ቤት ፍርዲ፣ ቤት ትምህርቲ፣ ጣቢያ ጥዕና፣ ማዛጋጃ ቤት፣ ወዘተርፈ ዝኣምሰሉ ይርከብዎም። ናይ ዛላኣንበሳን ከባቢኣን ህዝቢ ከም ኩሉ ትግራዋይ ኮነ ኢትዮጵያዊ ህርኩትን፣ ፃዕራምን፣ ንቑሕን ስለዝኾነ ትምህርቲ ከም ማይ ዝፀምኦ ኢዮ ነይሩ። ስለ'ዚ ነባራይ እናበዝሐ ምስከደ ብገዛእ ርእሱ ብምልዕዓል ቤት ትምህርቲ ይከፈተልና ኢሉ ናብ መንግስቲ ቀሪቡ ጠርዐ። መንግስቲ ድማ ክፍልታት ንምስራሕ እንተሓጊዝኩም እሺ ዝብል መልሲ ሃበ። ህዝቢ ድማ ብሓፂር እዋን ሰሪሑ ምስ ኣርኣየ መንግስቲ ድማ መማህራን ከምዝምደበሎም ገበረ። ካብቶም ናይ መጀመርያ ዝተመደቡ መማህራን ድማ፦

- መምህር ፀሃየ ተፈራ (ህጂ ዶ/ር ፀሃየ ተፈራ ኣብ ኣሜሪካ ዝነብሩ)
- መምህር ዮውሃንስ ሓጎስ
- መምህር ወልደጊዮርጊስ ዝበሃሉ

ኢዮም ነይሮም። እቲ ቤት ትምህርቲ ምስተከፈተ ድማ እቲን ዝተሰርሓ ክፍልታት ከይጀመራ ብበዝሒ ተምሃራይ ዓቕለን ፀበበን። ሕጂውን እቲ ነባራይ ከምልማዱ ድሕሪ ሒደት ዓመታት ብዙሕ ክፍልታት ብምስራሕ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ከምዝኾነሉ ምስ ኣመልከተ መንግስቲውን ከምዝኽፈተሉ ገበረ።

ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዛላኣንበሳ ንምኽፋት ግን ህዝቢ ዛላኣንበሳ ፍሉይ ቃልሲ ኢዮ ኣካይዱ። ምኽንያቱ ኣብ ወረዳታት ትግራይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ስለዘይተሰርሐለን በቲ ጊዜ'ቲ ብዙሕ ናይተን ወረዳታት ህዝቢ ናይ ምውድዳር መንፈስ የርኢ ነይሩ። ህዝቢ ትግራይ ትምህርቲ ከም ማይ ዝፀምኦ ህዝቢ ስለዝነበረ ኩለን ወረዳታት ትግራይ መንፈሳዊ ቅንኢ ስለዝነበረን ኩለን ንምኽፋት ይወዳደራ ነይረን። ህዝቢ ዛላኣንበሳ ግን በቲ ጊዜ'ቲ ከቢድ ናይ ጊዜን ገንዘብን መስዋእቲ ብምኽፋል ክሳብ መወዳእታ ብዘይ ምቁራፅ ከቢድ ፃዕሪ ጌሩ ኢዩ። ብመጀመርያ ሓደ ጠንካራ ዝኮነ ኮሚቴ ኣቑሙ። እቲ ኮሚቴ ድማ ክልተ ኣባላት ካብ ከተማ ክልተ ኣባላት ድማ ካብተን ከባቢ ከተማ ዛላኣንበሳ ዝርከባ ቁሸታት ዝተመርፁ ኣርባዕተ ኣባላት ዝሓዘ ኮሚቴ ኢዩ ነይሩ። ካብ ከተማ ዝተመርፁ ናይቲ ኮሚቴ ኣባላት ኣይተ በየነ ገ/ኢየሱስን በላ/ገብረመድህን ገብሩን እንትኮኑ ካብተን ቁሸታት ዝተመርፁ ድማ ሃለቃ ፀጋይ ዝበሃሉን ሓደ ድማ ስሞም ክዝክሮ ዘይካኣልኩ ኣባል ይምረፁ። ኣይተ በየነ ገብረኢየሱስ ናብ እተፈላለዩ መስሪያ ቤታት እናኸዱ እቲ ጉዳይ ንኽፈፅሙ ድማ እቲ ኮሚቴ ወሰነ። ብድሕሪ'ዚ ኣይተ በየነ ገ/ኢየሱስ ናብ እተፈላለዩ ናይ መንግስቲ መስሪያ ቤታት እናኸዱ እንተፈፅሙ እንተለው ዘጋጥሞም ዝነበረ ውረድ ውፃእን፣ ላዕልን ታሕትን ዘስካሕክሕ ከምዝነበረ ገሊፆሙልና ኢዮም ነይሮም። ኣብ ሓደ ሓደ መስሪያ ቤታት ግን ደቂ ዛላኣንበሳ ስለዝነበሩ ብዙሕ ከምዝሓገዙዎም ይናገሩ። ንሳቶም ድማ መምህር ስብሃቱ ባህረን ኣይተ ምሩፅ ደስታን ዝኣምሰሉ ደቂ ዛላኣንበሳ ኢዮም ነይሮም። በዚ ሕጂ እዋንውን ኣይተ ምሩፅ ደስታ ኣብ ናይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዛላኣንበሳ ምጥያሽ ዝገብርዎ ዘለው ዓቢ ኣበርክቶ ኣዝዩ ዝነኣድን ዝምስገንን ኢዩ።

ድሕሪ ብዙሕ ከርተት ካብ ወረዳ ናብ አውራጃ፣ ካብ ኣውራጃ ናብ ክፍለ ሀገር፣ ካብ ክፍለ ሃገር ኣብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ዝርከብ ሚኒስተር ትምህርቲ ኢትዮጵያ ብምኻድ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዛላኣንበሳ ንኽኽፈት ተፈቐደ። ቦታ ድማ ምምሕድዳር ከተማ ዛላኣንበሳ ምስ ኣረከበ ብዙሕ ከይወዓለ ከይሓደረ እቲ ህዝቢ ስሙር ሕብረቱ ብምውዳድ ዝተወሰነ ክፍልታት ሰሪሑ ወድአ። ንኣብነት ኣይተ በርሀ ዑቑባ ማርያም ንገዛእ ርእሶም ሓደ ክፍሊ ሰሪሖም ብምርካቦም ዝናኣድ ግዴታኦም ተዋፂኦም ኢዮም። ብድሕር'ዚ መንግስቲ ኩሉ ነገር ምስ አረጋገፀ መማህራን ከምዝምደበሎም ገይሩ ኢዩ። ዓቢ ሩፍታ! ተምሃሮ ደቂ ዛላአበሳን ከባቢኣን ኣስንቑና ኣሳፍሩና እንተይበሉ ኣብ መረበቶም ኮይኖም ካብ ጓጓ ወለዶም ከይወፅኡ ትምህርቶም ንኽከታተሉን ክውድኡን ተገብረ። ኣብ'ዚ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዝወድኡ ምሁራን ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ መንግስቲ ይኹን፣ ናይ ውልቀ ሃብቲ ወይ ድማ ንግዲ ዓለም ኣትዮም ንጡፍን ቅኑዕን ሃገራዊ ኣበርክቶኦም ኣብ ምውፋይ ይርከቡ።

ኢህወዴግ እናሰዓረ ምስ መፅአ ድማ ደርጊ ናይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ንብረት ንዓዲቐይሕ ብመካይን ፅዒኑ ንምውሳድ ምስ መፅአ ሽማግለታት ዛላኣንበሳ ከም ባዓል በላ/ረዳ ኣድሓኖም፣ በላ/ገብረመድህን ገብሩን፣ ኣይተ በየነ ገብረየሱስን ወዘተርፈ ዝኣምሰሉ ምስ ህዝቦም ተሓባቢሮም ማንም ሰብ ንብረትና ክወስደልና ኣይክእልን ብምባል መስዋእቲ ከፊሎም ኣትሪፎምዎ ኢዮም። እዚ ድማ ሕብረትን ቆራፅነትን ህዝቢ ዛላኣንበሳ ዝገልፅ ፍሉይ መርኣዮ ኢዩ።

ከተማ ዛላኣንበሳ ናይ ኦርቶዶክስን፣ ካቶሊክን፣ እስልምናን ሃይማኖት ኣመንቲ ብምክብባር ተሳንዮም ዝነብሩላ ከተማ ኢያ። ኣብ ዛላኣንበሳ ከተማ ኣብ ሃይማኖት ዝተመስረተ ቅርሕንቲ ብታኣምር ተፈጢሩ ኣይፈልጥን። ብኣንፃሩ መስጊድ ንምስራሕ ኮነ ንምፅጋን ብሙሉኡ እቲ ክርስቲያን ተኣኪቡ ፍሉይ ሓገዝን ውህብቶኡን እናበርከተ ነቶም ሰዓብቲ ሃይማኖት እስልምና ዝኾኑ ደቂ ዛላኣንበሳ ፍሉይ ፍቕሪ ዘርኢ ህዝቢ ኢዩ። መርዓን ተስካርን እንተተገይሩ ድማ ነቶም እስላም ከይተረፈ ኢዮ ዝፅድሞም። ንሳቶምውን ብንፁህ ልቦኖኦም ምስ እቶም ክርስቲያን ኣሕዋቶም እናተረዳድኡ ኢዮም ዝነብሩ። ኣብ ልምዓት ድማ ዝተወሃሃደ ሕብረት ብምርኣይ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዞም ንከተማኦም ኮነ ንሕብረተሰቦም እናተረባረቡ ዝርከቡ ዘለው ህዝቢ ኢዮም። ብሓፂሩ ህዝቢ ከተማ ዛላኣንበሳ ኣብ ናይ ዓድኻ ምልማዕ ዝብል ሓሳባት ዘስተማቕር ህዝቢ ኢዩ። ዘኹርዕ ባህሊ!

ዛላኣንበሳ ካብተን ኩለን ወረዳታት ዓጋመ ብቐዳምነት መብራህቲ ብኣይተ ገብረ እግዚኣብሄር (ጫሕማ) ዝተባህሉ ባዓል ውልቂ ሃብቲ ዝተኾለዓላ ከተማ ኢያ ነይራ። ድሓር ድማ ጀብሃ ኣብቲ ከተማ ኣትያ እቲ ሞተር ምስ ወሰደቶ ድሕሪ ነዊሕ ጊዜ ህዝቢ ብገዛእ ርእሱ ተሓባቢሩ ሞተር ብምግዛእ እቲ ዝነበረ መብራህቲ ከምዝቕፅል ገይሩ ኢዩ። ኣብ'ዚ ሕዚ እዋን ድማ ንሳን ኣብ ከባቢኣ ዝርከባ ቁሸታትን ተጠቀምቲ ሓይሊ ሃይድሮ ኤሌክትሪክ ኮይነን ኣለዋ።

በዚ ሕጂ ጊዜ ከተማ ዛላኣንበሳ ከምቲ እተመስረተትሉ ኣይኮነትን ዘላ። ምስ ሻዕብያ ኲናት ኣብ ዝተገበረሉ ጊዜ ስለዝዓነወትን ብግሪደር ከይተረፈ ብሰራዊት ሻዕብያ ስለ ዝተሓረሰት ከምብሓድሽ ስሩዕ ፕላን ወፂኡላ ብዘመናዊ መልክዕ ኢያ እትስራሕ ዘላ። ብኣጠቓላሊ መንግስታዊ ይኹኑ ዘይመንግስታዊ ትካላት ከም እንደገና ኢዮም ዝሰርሑዋ ዘለዉ። ሓደ ካብቶም መንግስታዊ ዝኾኑ ትካላት ድማ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኢዩ። ነዚ ድማ እቲ ዝነበረ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ብዝበለፀን ዝተማለአን ገይሩ ንምስራሕ ምስ መንግስቲ ተስማዕሚዑ ኣብ ወፃኢ ይኹን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዘሎ ወዲ ዛላኣንበሳ ይኹን ፈታዊ ዓዲ ብዙሕ ርብርብ ይገብር ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ወፃኢ ዓዲ ዝርከቡ ተጋሩ ዛላኣንበሳኮ ፍሉይ ጠመተ ዘድልያ ከተማ ኢያ ብምባል ንደቂ ዛላኣንበሳ ኣጆኹም ቀፅሉ፤ በርትዑ፤ ምሳኩም ኣለና እናበሉ ቅኑዕ ኣበርክቶኦም እናወፈዩ ይርከቡ።

ዛላኣንበሳ እንትትምስረት ብዙሓት ናይ መንግስቲ ትካላት ዝተማልኡ አይነበሩን። ቐስ ብቐስ ግና መንግስቲ ናይ'ቲ ከተማ ዕብየት እናረኣየ ምስከደ ኢዩ ኩሉ ዓይነት ናይ መንግሥቲ ትካላት እናማልአ ዝኸደ። በቲ ጊዜ'ቲ ኣብኡ ካብ ቀደም ጀሚሮም ዝፀንሑ ኣመራርሓታት ከም ጭቃ ሹምን ኣጥብያ ዳኛን ስኣምሰሉ ነይሮም እዮም። ናይ መጀመርያ ጭቃ ሹም ባሻይ ኣለማ ባይራኡ እንትኾኑ ናይ መጀመርያ አጥብያ ዳኛ ድማ በላምበራስ ገ/መስቀል ለምለም ምንባሮም ይዝከር።

ድሓር ግን ወረዳ ኣመራርሓ ኣብ ዛላኣንበሳ ስለዝተገብረ ናይ ወረዳ መመሓዳደሪ ናይ ቤት ፍርዲ ዳኛን ተመዲቦምላ። ናይ መጀመሪያ መመሓዳደሪ ወረዳ ግራዝማች ደስታ ዝበሃሉ ምንባሮም ይዝከር። ናይ መጀመሪያ ዳኛ ቤት ፍርዲ ድማ ሃለቃ ካሕሳይ ተክለሃይማኖት ኢዮም ነይሮም። ናይ መጀመርያ ፀሓፊ ወረዳ ድማ ግራዝማች ኣረፋይነ ዝባሃሉ ከም ዝነበሩ ይዝከር።

ብዝሒ ህዝቢ ዛላኣንበሳ ብግምት ልዕሊ ዓሰርተ ሐሙሽተ ሺሕ ኢዩ ነይሩ። መብዛሕትኡ ህዝቢ ኣናእሽቱ ትካላት ዝውንን እንትኸውን ሒደት ሰባት ድማ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ኢዮም ነይሮም። ከተማ ዛላኣንበሳ ብሩህ ተስፋ ዘለዋ ከተማ ኢያ። ሽሕኳ በቲ ተፈጢሩ ዘሎ ኩነታት ብጣዕሚ ዝተሃስየት እንተኾነት ሰላምን ፍቕርን ብዝኾነሉ ጊዜ ግን ቅልጡፍን ስልጡን ዕብየት ከምዝረአ ህዝቢ ባዓል ብዙሕ ተስፋን ሃንቀውታን ኢዩ። ኣብ ከተማ ዛላኣንበሳን ከባቢኣን ዝርከቡ ህዝብታት ብስጋ ዝምድናን ብሓደ ዓይነት ባህልን ዝተኣሳሰሩ ኢዮም። ኣብ ዛላኣንበሳ ዝዓበዩ ሰባት ኢትዮጵያውያን ኮኑ ኤርትራውያን ብዛዕባ ዛላኣንበሳ እንትልዓል ፍሉይ ፍቕርን ናፍቖትን ኣሎዎም። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ ፖለቲካ ብዘየገድስ ኩሎም ተሓባቢሮም ንዛላኣንበሳ ልምዓት ዝገብርዎ ዘለዉ ፅቡቕ ቃልሲ ዓቢ ምስክር ኢዩ። ዕባይ ዛላኣንበሳ ከመይ ዝበለ ምኻኑ ዘመስክሩ ምዃኖም ኣብ ከተማ ዴንቨር፣ ኣብ ከተማ ዋሺንግተን ዲሲ፣ ኣብ ከተማ ላስቬጋስ ከምኡውን ኣብ ካልኦት ከተማታት ኣሜሪካ ዝግበር ዘሎ ምትሕብባር ርኡይ መረጋገፂ ኢዩ።

ዕባሕ መስቀል 2005 ዓ.ም. ከም ኣቆፃፅራ ኢትዮጵያ መበል ሓምሳ ዓመት ከተማ ዛላኣንበሳ ንምኽባር ፍሉይ ኮሚቴ ኣብ ከተማ ዛላኣንበሳ ቆይሙ ኣሎ። ነቲ በዓል ድሙቕን ታሪኻዊን ንምግባር ድማ ለይትን መዓልትን ምስ ህዝቡ ኮይኑ ይሸባሸብ ኣሎ። ስለ'ዚ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዘሎ ይኹን ኣብ ወፃኢ ዓዲ ዘሎ ኩሉ ዕባይ ዛላኣንበሳ፣ ከምኡ ድማ ትግራዋይ ይኹን ኢትዮጵያዊ ነዚ በዓል'ዚ ንምኽባር ኣብ ዝግበር ዘሎ ምሽብሻብ ቅድሚ ሎሚ ከም ዝገበሮ ኣብ ዘዘለዎ ኾይኑ ሞራልን ድጋፍን ክህብ ይግባእ።